አብ ወረዳ ላዕላይ ቆራሮ ቤት መዘጋጃ ከተማ ሰለክለካ ከይዲ ስራሕ ደጋ ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ንከተማ ሰለክለከ ግልጋሎት ዝዉዕል ንከፈቲ መሕረዲ ስራሕቲ መሳለጢ ዝዉዕል ናይ ኢድ ኮሽቲ ተሓቆኒ ሃንድ ፓምፕ : ናይ ደገ መብራህቲ ባዉዛን ኣቅሑታትን ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ጉንበት 12, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጉንበት 15, 2017 8:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:ንተሓቆኒ ሃንድ ፓምፕ 30000 : ናይ ደገ መብራህቲ ባዉዛታት 10000
- ቦታ:ሰለኽለኻ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:300
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጉንበት 16, 2017 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ስራሕቲ ማይ/ ኤሌክትሪካልን መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኤሌክትሮ-መካኒክስ ኣቁሑትን ግልጋሎትን/ ማይ ኻዕቲን ኢንስታሌሽን/ ቅፋሮ ማይ ኢንጂነሪንግ ማሺነሪ, ኣቁሑትን ኣክሰሰሪ/

ጨረታ ብድምፂ ወያነ ዝተጋወሐሉ ዕለት 12/9/2017 ዓም

1 ሕጋዊ ንግድ ፈቃድ ዘለዎን ናይ 2017 ዓም ዝተሐደሰ ቅዳሕ ገይሩ አተሓሒዙ ከቅርብ ዝክእል

2 ናይ 2017 ዓም ዝተሐደሰ መቅረባይነት ደፍተር ዘለዎ ቅዳሕ ገይሩ አተሓሒዙ ከቅርብ ዝክእል

3 ናይ ግብሪ ከፋሊ መለለይ ቁፅሪ ዘለዎ ቅዳሕ ገይሩ አተሓሒዙ ከቅርብ ዝክእል

4 ቫት ሰርተፊኬት ዘለዎ ቅዳሕ ገይሩ አተሓሒዙ ከቅርብ ዝክእል

5 ብናይ ማይ ኮንስትራክሽን ዝተሐደሰ ሕጋዊ ፍቃድ ዘለዎ ደረጃ 10 ደቀቕቲ ትካል ንግድን ብወልቀን ብሸርካን ምሕባርን ዝተመደብኩም ምካንኩም ኣብ ደቀቕቲ ኣንኣሽተይ ንግዲ ትካላት ቤት ፅሕፈት ሰርተፊኬት ከቅርብ ዝክእልን ምስ ዋና ቅዳሕ ዘገናዝብን

6 ናይ ወርሒ መጋቢት 2017 ዓም ቫት ሪፖርት ኮፒ ገይሩ አተሓሒዙ ከቅርብ ዝክእል

7 ጨረታ ሰዓራይ ዝከዉን ዝተሐተ ዋጋ ዘአተዉ ይከዉን

8 ሰዓራይ ምስዓሩ ካብ ዝተገለፀሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ ሰለሰተ መዓልቲ ቀሪቡ ዉዕሊ ዝኣስር ይከዉን

9 ዋጋ ፀኒሑ ዝፀንሐሉ ግዜ እንትነኣሰ ን 25 መዓልቲ ይከዉን

10 ሰዓራይ ተጫረቲ ዝኮነ ዝሰዓረ ምካኑ ምልክታ ካብ ዝተለጠፈሉ ግዜ ብመልክዕ ስፒኦ መከበሪ ዉዕሊ 10 ሚእታዊ ከትሕዝ ዝክእል

11 መከበሪ ጨረታ ንተሓቆኒ ሃንድ ፓምፕ 30000 : ናይ ደገ መብራህቲ ባዉዛታት 10000 ኣብ ኩነታት ዘይተመሰረተ ብስፒኦ ጥራሕ ከትሕዝ ዝክእል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 ጨረታ ሰነድ ካብ ዕለት 1/9/2017 ዓም ክሳብ 15/9/2017 ዓም ካብ ሰዓት 2:30 ክሳብ ሰዓት 6:30 ካብ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ዘይምለስ ብር 300 ብምክፋል ንሕድሕድ ዓዉዲ ሰነድ እናከፈለ ክወስድ ይክእል

13 ጨረታ ዕለት 15/9/2017 ዓም ሰዓት 8:30 ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 9:00 ድሕሪ ቀትሪ በዓልም ወይ ሕጋዊ ወከልቶም አብ ዝተረከብሉ ይክፈት

14 እቲ ጨረታ በቲ ኣብ ምልክታ ዝተገለፀ መሰረት ኣማሊኡ እንተተረኪቡ ብዘይለዉሉ ንምክፋት ዝዓግት የለን

15 ሰነድ ጨረታ ብንፁር ዝንበብ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ኮይኑ ኣብ ናይ መወዳዳሪ ዋጋ ናይ ባዕሎም ወይ ወኪሎም ፊርማ መህተምን ኣብ ሕድሕድ ግፅ ማህተም ትካሎም ክገብሩ ይግባእ

16 ንተሓቆኒ ሃንድ ፓምፕ ማይ ተጫረቲ ናይቲ ፕሮጀክት ዝሐዝ ደኩምንት ሐደ ኦርጅናል ክልተ ድማ ፎቶ ኮፒ ሰነዳት ኣብ ዝተፈላለየ ኢንቨሎፕ ምስዓሸጉ ኦርጅናልን ቅዳሕን ኢልካ ብምፍለይ ማህተም ኣብ ልዕል እቲ ፖስታ ክዓርፎ ብምግባር ዳግም አናእሸተይ ፖስታት ኣብ ካሊእ ዓብይ ፖስታ ኢንቨሎፕ ብምዕሻግ እቲ ዝተዓሸገ ማህተም ክዓርፎ ብምግባር ናይቲ ዝጫረትሉ ፕሮጀክት ሸምን ኣድራሻን ሸም ናይቲ ኮንትራክተር ኣብ ልዕል እተ ዓብይ ፖስታ ብምግባር ብማርከር ብምፅሓፍ ነቲ ጨረታ ተባሂሉ ኣብ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ኣብ ዝተዳለወ ሳንድቅ ክሳብ 15/9/2017 ዓም 830 ብኣካል ብምምፃእ ከእትዉ ይክእሉ

17 ትካልና እዚ ጨረታ ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረት ቤት መዘጋጃ ከተማ ሰለክለካ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle